ርእሲ ዓንቀጽ

## ጉባኤ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣብ እዲስ ኣበባ

## ህዝቢ ኤርትራ ተጸባያይ ጥራይ ድዩ: ወይስ ባዕሉ ተዋሳእን ለዋጥን ጉዳዩ እዩ ?

ጉባኤ ተቃወምቲ ውድባት ኤርትራ: ብዕለት 5 ግንቦት 2008 ዓ.ም. ኣብ ርእሰ ከተማ ሃገረ ኢትዮጵያ ኣዲስ ኣበባ ከምዝተጀመረ ተፈሊጡ። እተን ተኻፊልቲ ኣኻባ ውድባት ድማ: ቍጽረን 13 ውድባት ከምዝነበረ ተሓቢሩ። ስለምንታይ ምሉእ ቍጽሪ 12 ወይ 10 ወይ ድማ 14 ክኸውን ኣይተደልየን ግን ናይ ስነኣእምራዊ ሜላ ስለዝኾነ ሕጂ ብዛዕባኡ ምምርማር እዋናዊ ኣይኮነን። በርገሳውያን ማሕበራት ካብ ደቡብ ኣፍሪቃን፣ ኤውሮፓን፣ ኣመሪካን ከምዝተኻፈላ'ውን ዝተረኽበ ዜና ሓቢሩ። ኣብቲ ጉባኤ ወከልቲ ሃገራት ሰንዓ ፎሩም ሱዳን ኢትዮጵያ የመንን ከምዝተረኽቡ'ውን ተሓቢሩ። እቲ ጉባኤ'ውን ብቃል ኣሰናዳዊት ሽማግለ ከምዝተኸፍተ ድማ ዝተረኽበ ዜና ኣረጋጊጹ። ኣብቲ ዝተኸፈተ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ኪዳን: ሰፊሕ ተሳትፎ ማዕከናት ዜና ዓለም ተራእዩ ዝብል ዜና'ውን: ተሰሚዑ። እቲ ሓፈሻዊ ኣኼባ ምስተደምደመ ድማ: ኣብ መንጎ ሓለፍቲ ኪዳንን መንግስቲ ወያኔን ተዓዘብቲ ዘይብሉ ዕጹው ኣኼባ ክካየድ ከምዝኾነ ካብ ውሽጢ ኣዲስ ኣበባ ዝተረከበ ዜና ሓቢሩ።

ተዓዘብቲ ብዛዕባዚ ጉባኤዚ ትዕዝብቶም ክገልጹ ከለው: "እዚ ኣኼባ'ዚ ዋሕስነት ትግራይ ትግሪኚ ዘረጋግጽ ኮይኑ እንተዘይወጺኡ ክቕጽል ኣይክእልን'ዩ ይብሉ።

<u>እስከ ነዘን ዝኽተላ ሕቶታት ንመራመረለን</u>

እዚ ጉባኤዚ ንሃገራዊ ዋዕላ ዝዕድም ዶእዩ: ወይስ ንኢ.ህ.ግ.ዲፍ. ተኪእካ ኣብ ስልጣን ኮፍ ምባል ጥራይ እዩ ዓላማኡ?

እዚ ጉባኤ'ዚ: ተኣማንነትን ግሉጽነትን ዝሰፈኖ: ሓደ ራእዩን ሓደ ስትራተጂን ዘለዎም ውድባት ዝጋብእሉ ዘለው ድዩ: ወይስ ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም ዝኾኑን: ካብትን ካብትን ዝተኣኻኸቡን ተቓወምቲ ውድባት እዮም?

እዞም ተቓወምቲ ውድባት እዚኣቶም: ብሓቂ ህዝቢ ዝወከሎምን: ራእዪ ህዝብን ስትራተጂን ሒዞምን: ብነብሶም ተኣማሚኖምን ዝተኣኻኸቡ ዶእዮም: ወይስ: ብድፍኢት ግዳማዊ ሓይሊ ዝተኣኻኸቡ እዮም? እቲ ቀንዲ ረብሓኸ ንመንከንዩ?

ሓደ ራእዩን ሓደ ስትራተጂን ዘለዎም እንተድኣ ኮይኖምከ: ስለምንታይ እቲ ቍጽሮም ካብ ሓደ ሓሊፉ ክሳብ 13 ክኸውን ክኢሉ?

ዝተፋላለየ ዓላማታት ዘለወን ብዙሓት ውድባት: እሞ ገና ንውሽጢ ሃገር ከይኣተዋ ከለዋ ዘይሓበራ: ዶእየን ንህዝቢ ኤርትራ ርጉጽ ዓወት ከምጽኣሉ ዝኽእላ: ወይስ ሓደ ዓላማን ራእዩን ዘለወንን: ንሓደ ህዝቢ ንምድሓን ድማ ብስሙር መደብ ዕዮ ዝተበገሳ?

እዞም ተቓወምቲ ውድባት እዚኣቶም: ቅድሚ ንኣዲስ ኣበባ ምኻዶም: ሓድነቶም ኣረጋጊጾም ዝተዳለው ድዮም ነይሮም: ወይስ: ኣብ ኣዲስ ኣበባ'ዮም ብድፍኢት

መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝተኣኻኸቡ ዘለው? እዚ ምትእኽኻባትʼዚኸ ካብቲ ስለላ-መርበብ መንግስቲ ኣሜሪካ ነጻ ድዩ?

ኣብዚ ኣኼባዚ መንእሰያትን ሙሁራትን ተኻፊሎሞ ድዮም ወይስ: እቶም ካብ 64 ዕድመ ንላዕሊ ዝኾኑ ጥሮተኛታት መራሕቲ-ውድባት ነበር ጥራይ እዮም ተኻፊሎሞ ዘለው?

እዚ ናይ ሎሚ ጉባኤዚ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ብምሕዝነት ይኹን ብኪዳን ዝፍለጥ ዝጸንሖ ብምንታይ ይፍለ?

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ እዋን ሰውራ: ኣብ ኣዲስ-ኣበባ እናተመላለሰ ድዩ ዓወት ከምጽእ ክኢሉ ወይስ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ኮይኑ?

እዚ ሎሚ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝጋባእ ዘሎ ጉባኤ: ኣብ ጉዳይ ልዑላውነት ሃገር ሓደ ሓባራዊ ኣረኣእያ ኣለዎ ድዩ?

እዚ ጉባኤʼዚ ብፍላይ ንህዝቢ ኤርትራ: ብሓፈሻ ድማ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ከባቢ ቀርኒ ኣፍሪቃን: ካብዚ ኣብዚ እዋንዚ ኣንጸላልዩዎ ዘሎ ጉዳይ ግሎባላይዘሽን ከገላግሎዶ ይኽእል ይኸውን?

ወያኔ ብሓቂ ንህዝቢ ኤርትራ ሓልዩ ድዩ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ዝተሓባበር ዘሎ?

ካብ ከልቢ ፈሪሓ ኣብ ቶኹላ እትዕቄብ ዕየት ዋሕስነት ድሕነታ ክሳብ ክንደይ እዩ?

ንህዝቢ ኤርትራ ተጸባያይ ጥራይ ምኳን: ቅድሚ ሕጂ ሃሰዩዎʼዩ። ብሕጂ ግን ባዕሉ ተዋሳእን ለዋጥን ጉዳዩ እንተዘይኮይኑ: እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ዝረኽበሉ እዋን ኣዝዩ ክናዋሕʼዩ።

ብፍልጠት ዝተሰነየ ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ

ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ ግንቦት 2008 ዓ.ም.